# ንኹሉ ኤርትራዊ ክፉት ዝኾነ ኣኼባ ኣብ ሮተርዳም ተኻይዱ

## ጨንፈር ተሓኤ-ሰባ ሆላንድ

ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መላእ ዓለም፣ ብመሪሕነታት ተሓኤ-ሰባ ዝኸይድ ዘሎ ህዝባዊ ኣኼባታት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብዕለት 09-09-2006 ኣብ ከተማ ሎንዶን ወከልቲ ውድባትን፣ ዓበይቲ ምሁራትን ሓለፍቲ ሲቪካዊ ማሕበራትን ዝተረኽብሉ ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤት=ጽሕፈት ዝመርሖ ኣኺባ ኣብ ሮተርዳም ድማ ብተመሳሳሊ መልክዑ ብ16 መስከረም ተኻይዱ።
እዚ ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤ/ጽ፣ ብጻይ ኣሰፋው በርህ ዝመርሖ፣ ብጻይ መሓሪ ተስፋማርያም ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ኣብ 6ይ ጉባኤ ዝተኻፈሉ ብጾት ዝተሳተፍዎ ኣኸባዚ፣ ሰፊሕ መግለጽን ኣገዳሲ መልእኽትን ንኣኺበኛታት ከመሓላልፍን፣ ኣኺበኛታት ከኣ ብወገኖም ናብ ኣባላት መሪሕነት ውድብ ሰውራዊ ባይቶ ዘቕረብዎ ሕቶታት እኹል መብርሂ ዝረኸብሉን፣ መልእኽቶምን ጠቓሚ ለበዋታቶምን ከመሓላልፉ ዝኸኣልሉን ኣገዳሲ ኣኼባ ኢዩ ኔሩ።

ኣኼባ ብናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ኣቦ-መንበር ሽማግለ ሆላንድ ብጻይ ዘርኣይ ገ/ታትዮስ ድሕሪ ምኽፋት፣ እቲ መደረኽ ንኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ተኸፊቱ።

ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ውድብ፣ ናብቲ ናይቲ ኣኼባ ኣጀንዳ ቅድሚ ምእታዉ፣ ንእገዳስነት ናይቲ ኣኼባ ክገልጽ ከሎ፣ እዚ ኣኼባ እዚ ዝጸዋዕናዮ ንውጽኢታት ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባአና ንምግላጽን ንህዝብና ናይ ውድብና ህሉውን መጻእን ኣመለኻኽታን ራእይን እነብርሃሉ መንገዲ ስለዝኾነን፣ ካብ ህዝብና ድማ ሓሳቡ እንወስደሉን እንርዳኣሉን ቀንዲ ኣገባብ ስለ ዝኾነን ኢዩ ኢሉ። ከም ፖለቲካዊ ውድብ ክሳብ ዘለና ካብ ህዝብና ክንመሃርን ንህዝብና ክንምህርን እንተኾይንና ምስ ህዝቢ ብዝተፈላልየ መድረኻት ምርኻብ ከምዘድሊየናን፣ ምክያድ ኣኼባታት ከም ቀንዲ ውድባዊ ዕማም ከምእንቖጽሮን ገሊጹ። ኣብ ዝሓለፈ ጉዕዞና ከነካይዶም ዝጸናሕና ህዝባዊ ኣኼባታት ኣብ ውድባዊ ስራሕና ክሕግዙና ዝኽእሉ ጠቐምቲ ሓሳባት ኣቕሲሞምና ኢዮም ኢሉ። ካብዚ ኣኼባ እዚ ውን ኩላትና ተረባሕቲ ኮይንና ከም እንውጽእ እምነተይ ዓቢ ኢዩ ድሕሪ ምባል ኢዩ ብጻይ ኣሰፋው ናብ ኣጀንዳኡ ዝኣተወ።

መግለጺ ብ/ ኣሰፋው ኣብ ውጽኢት ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ-ሰባ ዘትኮረ ኢዩ ኔሩ። ሻዱሻይ ጉባኤ ካብ ምስንድኡ ጀሚሩ፣ ዝሰዓበ ጠቕላላ መስርሕ ኣካይዳኡ፣ ጽፉፍን መንገዱ ዝሓዘን ብምንባሩ ዝበጽሖ ውሳኔታቱን ዘተኣታተዎ ለውጥታት ኣብ ኣሰራርሓን ሂወትን ውድብ ታሪኻዊ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ጠቕላላ ኩነታት ኤርትራ ናብ ዝኸፍአ ገጹ ይሰጋገር ከምዘሎ 6ይ ጉባኤ ከምዝመዘነን፣ ንህዝብና ንምድሓን ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ ተጠቒምካ ክቀላጠፍ ከምዘለዎ ጉባኤ ከምዝተመልከተ ተገሊጹ።

ጉባኤ ብዛዕባ ኩነታት ደምበ ተቓዉሞ ዝዘተዮን ዘሕለፎ ውሳኔን ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤ/ጽ ክገልጽ ከሎ፣
ደምበ ተቓዉሞ ንህሉው ኩነታት ከግጥሞን ክመርሖን ዝኽእል፣ ብቑዕ መሪሕ ሓይሊ ዛጊት ፈጢሩ ከምዘየሎን፣ ነዚ ንፍጣር ዘይሕለል ጻዕሪ ክካየደሉ ከምዝግባእን ጉባኤ ከምዝረኣየ። ከምኡ ውን ውድብና ተሓኤ-ሰባ ብዝጸንሖ ዓይነት ኣወዳድባ ሓደስቲ ኣባላት ብሓፈሻ፣ ንመንእሰይ ወለዶ ድማ ብፍላይ ክሓቁፍን ክስሕብን ከምዘይክእል ጉባኤ ከም ዝመዘነ ብጻይ ኣሰፋው ገሊጹ።
ካብዚ ሕጽረታት እዚ ንምግልጋል ውድብ ምስ ኩሉ ውድባትን ጉጅለታትን ኣገደስቲ ዜጋታት ናብ ብሓደ ከስርሕ ዝኽእል ምርድዳእ ንምብጻሕ ክፉት ዘተ ንክገብር ጉባኤ

ወሲኑ። ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ምስ ዘለዎም ውድባት፣ ናይ ምጽንባር ስጉምቲ መሪሕነት ውድብ ክወስድ ክምዝኽእል፣ ነዚ ዘብቅዖ ስልጣን ካብ ጉብኤ ከም ዝተቐበለ ተገሊጹ።

ውድብ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ናይ ሎሚን ጽባሕን ዕማማት ብቑዕ መሳርሒ ንምግባር ኣብ ኣባላቱ ጥራይ ናብ ዘይተሓጽረ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክሰጋገር ከም ዝኾነ ተገሊጹ። ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ነዚ ዚያዳ ከብርህ ከሎ፣ እቲ ሰልፊ ኣብ ናይ ሎሚን ጽባሕን ብዝጥረ ናይ ሓባር ኣረኣእያ ዝህነጽ ምስዝኸውን ዝያዳ ክሰፍሕ ከም ዝኽእልን ንመንእሰይ ወለዶ ውን ክሓቑፍ ከምዝኽእል ገሊጹ። ምስዚ ማዕረ-ማዕረ ዝኸይድ ድማ 6ይ ጉባኤ ኣብ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ዓቢ ቆላሕታ ብምግባር፣ ንጉዳያት መንእሰያትን ደቀ-ንስትዮን ዝምልከት ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ደረጃ ሓደ ክፍሊ ኣቐሙ ዘሎ ምኻኑ ተገሊጹ።

6ይ ጉባኤ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ውድብ ሓደስቲ ሓሳባት ኣተኣታትዩ ኣሎ። ንማሕበራውን፣ ባህላውን፣ ምጠነ-ሃብታውን፣ ፖለቲካውን ብዙሕነት ኤርትራ ክምእዘዝ ዝኽእል ፍትሓውን ሕጋውን ናይ ስልጣንን ሃብትን ምክፍፋል ዘፍቅድ፣ ዘይምእኩል ስርዓ ተ-ምምሕዳር ክኸውን ከምዘለዎ ጉባኤ ከምዝወሰነ ተገሊጹ።

ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ ብዝምልከት፣ እቲ ብሓሙሽተ ዝሓለፈ ጉባኤታቱ እናጸደቐ ዝመጸ፣ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም፣ ውድብ ኣብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ምስ ህሉው፣ ዓለማውን ሃገራውን ኩነታት ዘይሰርሕ ምጣነ-ሃብታዋ ቅዋም ምኻኑ ርእዩ። ኣብ ዕ ዳጋ ዝምርኮስ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም ክኽተል ከም ዘለዎን፣ እዚ ድማ፣ ንውጽዓት ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝሕለቐ ኾይኑ ተዘርዚሩ ከምዘሎ በሪሁ።

ብዛዕባ ሕቶ መሬት ጉባኤ ዝበጽሖ ውሳኔ ሓላፊ ጉዳያት ስርርዕ ክገልጽ ከሎ፣ ስርዓት ህግዲፍ ንሕቶ መሬት ብሕግን ብፍትሕን የመሓድሮ ከምዘየሎ፣ ብዝኽተሎ ዘሎ ኣገባብ ውን ህዝቢ ኣብ ሓድሓዱ ይናቖት ከምዘሎ ጉባኤ ከምዝመዘነ ገሊጹ። መሬት ኣብ ትሕዞ ህዝቢ ክጸንዕ ከምዘለዎን፣ ብስርዓት ህግዲፍ ብዘይ ኣገባብ ንዝተፈላልየ ምኽኒያታት፣ ተመንጢሉ ዝውሰድ ዘሎ መሬት ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ፈጢርዎ ዘሎ ሽግራት ክመሓደር ከምዝግባእ ተገሊጹ።

መግለጺ ድሕሪ ምውዳእ ብተሳተፍቲ ኣኼባ ሕቶታትን ኣገዳሲ ርእይቶታን ለበዋታትን ቀሪቡ። ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ዓቅሞም ኣወሃሂዶም ክሰርሑ ከምዝግባእ ብኣባላት ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ሓሳብ ወሪዱ። ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብሓባር ንምስራሕ ቅሩብነት ከምዘሎ ብሓላፊ ስርርዕ ውድብ ተሓቢሩ።